ናይ ካልእ ቋንቋታት መጻሕፍቲ ኣበይ ይርከብ?

The Millennium Library
251 Donald Street
Winnipeg, Manitoba, R3C 3P5
Phone: 204-986-6432




ቈልዓኹም ኣብ ክልቲኦም ማለት ናይ መጀመርያ ቋንቋኹምን እንግሊዝን ምርዳእን ምዝራብን ጸገም ምስ ዝህልዎ/ዝህልዋ፣ ካብ ናይ ቋንቋ ምዝራብ ሕማም ከመይ ከም ዝምዕብል ዝፈልጥ ምሁር(ፓቶሎጂስት) ሓገዝ ከድሊ ይኽእል ኢዩ። ንናይ ክፍሊ መምህር ኣዘራርቡ።

**ናይ ሓደስቲ-ምጻእ(ኢምግራንት) ኣገልግሎታት፥**

Immigrant Women`s Association of Manitoba, Inc
University of Winnipeg Library
4th floor- 515 Portage Avenue
Winnipeg, Mb. R3B 2E9
Tel: 989 5800

Immigrant Centre Manitoba
100 Adelaide Street
Winnipeg, MB  R3A 0W2
Tel:943 9158

**ናይ ስደተኛታት ኣገልግሎት፥**

Manitoba Interfaith Immigration Council
Welcome Place
397 Carlton Street
Winnipeg, Mb. R3B  2K9
Tel: 977 1000

Needs Centre for War Affected Families
251 A Notre Dame Avenue
Winnipeg, Mb. R3B 1N8
Tel: 940 1260

**ማሕበረ-ሰባዊ ናይ ጥዕና ማእከል(ክሊኒክ)፥**

Mount Carmel Clinic
886 Main Street
Winnipeg, MB. R2W  5L4
Tel: 582 2311

# ኣብ ገዛ ካልእ ቋንቋ ትዛረቡዶ?

Tigrigna



WINNIPEG SCHOOL DIVISION
Child Guidance Clinic

# ኣዝዮም ዝውቱራት ሕቶታት፥

**1. እንግሊዝ ናይ መጀመርያ ቋንቋና ኣይኮነን። ንደቅና ብእንግሊዝ ክንዛረቦምዶ ኣሎና?**

ኣይኮነን። ንደቅኹም በ'ቲ ኣጸቢቑ ዝጥዕመኩም ቋንቋ ተዛረብዎም። ቈልዑ ኣብ ገዛ ጽቡቕ ናይ ቋንቋ ኣብነታት ክሰምዑ ይደልዩ ኢዮም።

**2. ኣብ ገዛ እንግሊዝ እንተ ተዛረብና ደቅና እንግሊዝ ቀልጢፎም ክዛረቡ ኣይክእሉንዶ?**

ከምኡ ኣይኮነን። ናይ ቈልዓኹም ክእለታት ኣብ ናይ መጀመርያ ቋንቋኡ ክብ  ምስ ዝብል፣ ሓዲስ ቋንቋ(እንግሊዝ) ቀልጢፉም ክምሃሩ ይኽእሉ።

**3. ብዓል ቤተይን ኣነን ዝተፈለለዩ ቋንቋታት ኢና እንዛረብ።  ንደቅና ኣየናይ ቋንቋ ክንዛረቦም ኣሎና?**

ነብሲ-ወከፍኩም ኣዝዩ ዝጥዕሞ ቋንቋ ክዛረብ ኣለዎ።  እዚ እታ ኣደ ሓደ  ቋንቋ ነ'ቲ/ነ'ታ ቈልዓ ክትዛረብ ኣለዋ እቲ ኣቦ ከኣ በ'ቲ ሓደ ቋንቋ ክዛረብ ኣለዎ።

**4. ክልተ ቋንቋታት ምምሃር ንቈልዓና ኣየደናግሮንዶ?**

ኣይኮነን። ኣብ ምሉእ ዓለም ቈልዑ ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ይምሃሩ ኢዮም። ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ  ምዝራብ ረብሓ ኣለዎ።

**5. ደቀይ ኣብ ገዛ ቋንቋና ክዛረቡ ኣይደልዩን ኢዮም። እንታይ ክንገብር ኣለና?**

ወላ ደቅኹም እንግሊዝ ክዛረቡ እንተ መረጹ፣ ቀዳማይ ቋንቋኹም ምዝራብ ቀጽሉ።

**6. ሕጂ ኣብ ካናዳ/ ኣብ ዊኒፐግ እንዳ ነበርና ስለምንታይ ናይ መጀመርያ ቋንቋና ምዝራብ ንቕጽል?**

ቋንቋ ሓደ ካብቶም ዝሓየሉ ምትእስሳራት ምስ ባህልኹምን ውርሻኹም(ቅርሲ) ኢዩ። ኣብ ገዛኹም ቀዳማይ ቋንቋኹም ምዝራብ ምቕጻል ደቅኹም ታሪኾምን ባህሎምን ክምሃሩን ምስ ሽማግለታት ኣባላት ስድራ-ቤት ዝምድናታቶም ክዕቅቡን(ክቕጽሉ) ክሕግዞም ይኽእል።

**7. ቈልዓና ናይ መጀመርያ ቋንቋና ከማዕብል/ከተማዕብል ኣብ ገዛ እንታይ ክገብር ኣለኒ?**

- ንቈልዓኹም ኣዘራርቡ
- ኩሉ መዓልቲ ንቈልዓኹም ኣንብብሉ/ኣንብቡላ
- ቈልዓኹም ካብ ኣብ'ቲ መጻሕፍቲ ዘሎ ኣሳእል ዛንታታት ክነግረኩም ኣተባብዕዎ/ኣተባብዕዋ
- ናይ ቈልዓኹም ተራ ወሲድኩም ብዛዕባ እትርእይዎ ዘለኹም ተዛረቡ
- ናይ ስድራ ዛንታታት ንገሩ
- ሓዲስቲ ቃላት ተጠቐሙ፣ብዙሕ ግዜ ተጠቐሙሎም
- ንናይ ቈልዑኹም ምሉእ ሓሳባት ደድሕሪኦም ድገምዎ ወስኹሉ'ውን
- ክትዛረብዎም ከለኹም ናብ ቈልዑኹም ጠምቱ
- ብዛዕባ ቈልዓኹም ዝገብሮ ዘሎ ተዛረቡ
- ብዝዕባ እትገብርዎ ዘለኹም ተዛረቡ
- ሙዚቃ ስምዑ፥ ብሓንሳብ ዘምሩ

